# ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልመት።

*መበል 12 ክፋል*

## እዋናዊ ኣርእስቲ፣ ናይ ኣመሪካ ስለላዊ መርበብ።

**ብተስፉ ዘውደ።**

ከባቢና ርሑንን ዱጉል እቶን ዘለዎ ኣገዳሲ ኩርናዕ ዓለም ተባሂሉ ይስመ። እዚ ዘገርም ድማ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓደ ናይ ኣፍሪቃን ኢስያን መላግቦ ቦታ ኢዩ። ኣብ ምብራቕ ማእከላይ ባሕሪን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝርከባ ሃገራት ካብ ሱወጽ ክሳብ መጻብቦ ባብ ኣልመንደብ ዘለዋ እቲ ቀንዲ ጥንታዊ ቅርስታት ዓለም ምንባሩን ምህላዉን ድማ ምስክርን ጭብጥን ዘይድልዮ ባዕሉ ጭብጢ ታሪኽ ዘቕርብ ውርሻ ፍጡራት እውን ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ገለ ቀርኒ ዘውጽኡ መራሕቲ ዝርብሹሉ ሳሕቲ ነይሩ። ሎሚ ግን ስነ-ልቦና ዝጎደሎ ምዝቡል ውልቀ-ሰብ ተፈጢሩ። ናይ ስለጣኔ ተበግሶን ብዙሓት ምህዞታት ዝተራእየሉ ዓለማዊ ዞባ ከም ዝኾነ ማንም ኣይስሕቶን። ክሳብ ፊደላትን ጽሑፋትን ናይ ቁጽሪ ኣሃዛትን ዝተማህዘሉን ዓለማዊ ቅርጺ እውን ዘበርከትን ኢዩ። ሰረተ-እምነት ካብ ማእከላይን ቀይሕ-ባሕርን ከም ዝተወልዱ ይፍለጥ። ልዕሊ ኩሉ ድማ እቲ ዝያዳ ንጸቕጥታት ዝመከተ ከባቢ ብምኳኑ፣ ብፍላይ እተን ሃላኺ ነገር ክጉሕጉሓ ዝተዋፈራ ዓበይቲ ሓይልታት ዝተመከታሉ ከባቢና ኢዩ። ኣብ ምዕራባዊን ደቡባዊ ገማግም ኣፍሪቃ ዝርከብ ጸጋታት ምስ ናይ ባሮት ምሻጥን ዘሳቐየ ምንባሩ እዛ ሎሚ ሕቡራት መንግስታት ተባሂላ ትጽዋዕ ኣመሪካ ዓባይ ምስክር ኢያ። ኣብ ምብራቓዊ ኣፍርቃ ግን ገለ ድሩት ዓቐን እንተዘይ ኮይኑ ክሳብ ክንዲዚ ወሃ ዘበለ ንግዲ ሰብ ኣይነበረን። ኣብ ናይ መጎዓዝያ ምዕባለን ናይ ከሰልን ሕምትን መራኸብ ዝተማህዛሉ እንተዘይ ኮይኑ፣ ብጋንጽላ ገርካ ኣብ ዝግበር ዳህሰሳ ዘይተሃስየ ከባቢና ኢዩ። ህዝብታት እዚ ከባቢ ግን ኣብ ንሓድሕዶም ርክባትን ምትእትዋታትን ከም ዝነበሮም ባህላውን ነገራውን ቅርስታትና ጭብጥታት ኢየን። ንሕና ኤርትራውያን ምስ ሓዊሲ-ደሴት ዓረብን ክሳብ ምስርን ቱርክን ግሪኽን ዝነበረና ርክብ ኣብ ኩሉ ጥንታዊ ታሪኽና ዝግለጽ ሓቂ ኢዩ። ኣብ ከባቢና ዝርከባ ናይ ትማሊ ግን ኣካልና ዝኾና ስዳንን ኢትዮጵያን እውን ከም ሓደ ህዝቢ ንፍለጠሉ ኣብ ርክብ ባህልናን ልምድና ዝተሰረተ መሰረት ነቕ ዘብሎ የለን።

ናይ ዓበይቲ ሃገራት ኣጻፍር ኣብ ሓበሬታ ምእካብ ኢየ ክዛዙ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣመሪካ ጎብለል ሃገራት ኮይና ምምጽኣን ብሪጣንያ ድማ ናይ መግዛእቲ ዕድመኣ ዘኽተመሉ ኩነታት ተፈጢሩ። ኣመሪካን ሩስያን ዝወዳደራሉ ብሑት ሓይሊ ፈጢረን። ብሪጣንያን ፈረንሳን ከም ኣጫፈርቲ ምስተን ልዕለ ሓያላን ተሰሪዐን ኣብቲ ክበብ ምእታውን ክግለጽ ጸኒሑ። ናይ ስለለ መርበበን ብሰፊሑ ዝዘርገሓ እተን ኣዝየን ዓበይቲ ሃገራት ኢየን። እሰን እውን CIA+KGB ዝበሃላ ትካላት ኢየን። ምሁራት ኤርትራውያን ብስምዒት ናይ ጥቅምቲ ሰውራ ሩስያ ዝጸለዎም ክቕልቀሉ ኣብ ዝጀመሩሉ እዋን እውን ገለ እውን ምስቲ ናይ ዓረብ ማሕበርነታዊ ሙዕኳኽ ብሰፊሑ ክርአ ጀሚሩ። እዚ ኣብ ሃገራት ኣዕራብ ዝተበገሰ ገስጋሲ ኣተሓሳስባ ሓደ ናይ ከባቢና ከቢድ ጽልዋ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ሱርያን ዒራቕን ኢዩ ተነጣጢፉ። ናይ ምስሪ መኮንናት ኣንጻር ፋሩቕ ዝወሰድዎ ሰላማዊ ምልውዋጥ እውን ንኣመሪካ ኣዝዩ ኢዩ ኣሰንቢድዋ። ፈረንሳን ብሪጣንያን እውን ድሕሪ ካልኣይ ዓለም ምውላድ እስራኤል ነዚ ከባቢና ባርዕን ሓውን ነስኒሰናሉ። እዚ ከም መላለዩ ኮይኑ ከባቢና ናይ ስለላ መርበብ ክዝርግሖ ናይ ግድን ይኸውን። እሞ እዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ኤርትራ ኩነታት ካብ ሽዑ ጀሚሩ ዝጸለዎ ናይ ስለላ ወጥሪ ኣብ መሪሕነት ኣስመራ ግደ ኣለዎ ዝብል ኣንፈት ክንጉዕት ናይ ግድን ዝገብሮ ሕቶታት ክብርበር ኣለዎ። ዳርጋ ካብቲ ናይ መፋርቕ ስሳታት ዝተበገሰ ናይቶም ገለ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ገለ ድማ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ጽልዋ ናብቲ ገስጋሲ ደንበ ገጹ ዝዘንበለ ኢዩ ነይሩ። እዚ ግን ዝተሓወሰ ሓዲሽ ወጠጦ ኢሰያስ ናብቲ ናይ ገስጋሲ ደንበ ተደባለቐ እንበር ናይቲ ሓዲሽ ፍልስፍና ከም ኣባል ዘጸውዖ ዕጥቂስ ኣይነበሮን። ገስጋሲ ጥብቖ ተኸዲኑ ዝበረቐ ግን ናይቲ ምዕራባዊ ደምን ሱርን ግን ነይርዎ ዝብል ቀንዲ ኣርእስትና ክኸውን ኣለዎ።

ኣመሪካን ኣጫፈርታን ሓበሬታ ኣኪቦም፣ በቲ ዝኣከብዎ፣ ነቲ ዝተኣከበ ሓበሬታ መረጋገጺ ኮነ ጭብጥታት ጠርኒፎም፣ ነቲ ጭብጥታት ሰሪዮም በብታርታ ዝፍጽምዎ ተግባራት ከም መደብ ይሕንጽጹ። ነቲ ዝተሓንጸጸ ኣብ ግብሪ ዝውዕሉ ሰባት የናድዩ። ክፍሊ ሓበሬታ ኮነ ናይ ዜና ማዕከናት እንተ ፈሊጠን ወይ ከይፈለጣ ብዝንቡዕን ኮነ ኢልካ ብዝኸይድን መናወራት ገለ ስክፍታታን ዘደናግርን መኣዝን ዘስሕትን መልእኽቲ ከም ዝፍንዋ ይግበር። ኣብቲ ደንበርበር ናይቲ ክህረም ኣለዎ ዝብልዎ ትካል ዘተኮረ ይኸውን። መልሶ ግብሪ ናይቲ ደንበርበር በሃሊ ድማ ንቀጺሉ ዝመጽእ ስጉምቶም ዘመዓራሪ ይኸውን። ከመይ ገርካ ፈሊጥካዮ ትብሉ ትኾኑ። ከም ዓቕኖም ዘይኮነስ መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ድሒሩ እውን ህዝባዊ ግንባር ዝተፈላለየ ቁጽሪ ይሃልዎም እንበር ከም ባህሪ ግን ተመሳሳሊ

ዘለዎም ስለ ዝኾኑ፣ ዝኾነ ይኹን ምስኦም ዝዋሳእ ሰብ ብናቶም ሓሳብ ክዝወር ስለ ዝሰርዕዎም ገለ ሓበሬታ ክረክብ ዘገርም ኣይኮነን። እዛ ተነጺላ ወግዓዊ ስማ ዝለዋወጠት ውድብ ዘይወግዓዊ ቅርጺ እውን ነይርዋ ኢዩ። ንኹሉ ትገብሮ ተግባርን ፍጻሜን ድማ ውልቀ-ሰብ ናቱ ጸብጻባትን ናይ ብሕቱ ታሪኻዊ ማህደርን ተመክሮኡን ክጽሕፍ ስለ ዘይፍቀዶ፣ እቲ ዝዓበየ ጸገም ሓደ ድሕሪ እቲ ሓደ ኣብ ርእሱ ጥራይ ክዓቕሮ ስለ ዘለዎ ከቢድ ጸገም ኢዩ። ናይ ፍጻሜታት ማህደር ከይህሉ ዝተሓረመሉ ሜላ ኮነ ኢልካ ዝተማህዘ ሓደ ነቲ ሱምትታት ዘንብብን ዝትንትንን ሰብ ጻዕቂን ጭብጥታትን በርኪቶም ክተሓዋስዎ ጸኒሒ ድማ ኣብ ቀጸልቲ ግጥማት ብውግእን ብሸርሕን ሒዝዎ ይቕበር ዝብል እኩይ መስርሕ ነይሩ። እዚ ትዕዘብ 95% ትብረስ እነበር ባህሪ ግደ ስለ ዘለዋ ውሑድን ዘይጠፍኣን ኣይሰኣንን ኢዩ። ዓለምና ነዚ ከምዚ ዝበለ ዑቑርን ሕቡእን መግለጺታት ዘግሃዱ ታሪኻውያን ማህደራት ኣንቢብና ኢና። ክንደይ ኣድለይትን ሓቀኛ ታሪኻትን ድማ ምስቶም ዝሓለፉ ተቐቢሩ ኣሎ። ሕዞሞ ዝተቐብሩ ምስጢራትና እንተ ዝግለጽ ነይሩ ክንደይ ጠቓሚ ናይ ህላዌና መቐይሮ ክኸውን ዝኽእል ናይ ኣተሓሳስባ ዕጥቂ ኢዩ በሪሱና። ተጋደልቲ እዚ ውድብ እዚ 99 ካብ ሚእቲ ነዚ ዝብሎ ዘለኹ ሓሲቦሙሉን ኣሚቶሞን ኣይፈልጡን ኢዮም። ንኸይፈልጥዎ ብግዳም ዝተዋፈረ ፍሕሶ ከም ዝነበረ ክንስሕት የብልናን። እዚ እውን ፈላጣትና ነዚ ሓዲሽ ወለዶ ከበርክትዎ ኣብ ኩሉ ጎዳጉዲ ታሪኽ ምኽዓት ክጅምሩ ኣላቦ። ኣነ ግን ዝከኣለኒ ሓበሬታ ካብ ምሃብ ደጊም ኣይቁጠብን ኢየ።

ብሓደ ውልቀ-ሰብ ዝተዘወረ ንኹሉ ፍጻሜታት ብሓፈሻኡ ድማ እቲ ዝኸይድ ዝነበረ ጉዳያት ኣብ ኢድ ዝተወሰኑ ሰባት ኣንቢሩ ይጎዓዝ ብምንባሩ ብድሕሪኡ ብዙሕ ዘይፈልጥዎ ግን ብስሞምን ብውክልናኦም ዝተፈጸመ ስለ ዝኾነ፣ ዝኾነ ይኹን ነገር እቲ ውድብ ዝገበሮ ከም ናይ ኩሎም ሓባራዊ ሰነድ ገይሮም ብእምነት ጥራይ ይወድዎ ስለ ዝነበሩ ኣብ ዘይፈልጥዎ ኢዶም ኣእትዮም ዝሓለፉን ዘለዉን ምህላዎ ዘይምርሳዕ። ኣካሎም ከም ፍጡራት ምንእንቲ ሃገር ይሰውኡ እንበር፣ ንብረት ናይ ውልቀ-ሰብ ነይሮም ክብሎም ኣይደፍርን ግን ኣገልጊሎሞ። ግን እቲ ውልቀ-ሰብ ንብረተይ ይብሎም ከም ዝነበረ ክበርሃሎም ይግባእ።

ብወገነይ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ኮነ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ኣነ ውላድ ህዝበይን ሃገረይን እንበር ናይ ገለ ኣርዌ ዝኾኑ መሪሕነታት ኣይኮንኩን ኢለ ሓንሳብን ንሓዋሩን ስለ ዝመደብኩ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ውድብ ካልእ ኢየ ነይረ። ሳዕቤን ናይቲ ኩሉ ምእንቲ ሃገር ዝተሰለፈ ሃገራዊ ገለ ክፋል ናጽነተይ ከም ኩሉ ተጋዳላይ ምእንቲ ህዝበይ ኢለ ወፍየዮ ነይረ። ንውልቀ-ሰብ ትኸውን ትውፊ ግን ቅንጣብ ኣይነበረትንን። ክልቲኤን እተን ዝውፈያ ፈልየ ይርእን ስለ ዝነብርኩ ድማ ነታ ንህዝቢ ዝሃብክዋ ኢያ ከም ፈሳሲ ኮይና ንሞራለይ ተጠጣዐኒ ዝነበረት። ብዛዕባይ ኣብዚ ይኣክል።

ታሪኽ ሃገርና ዝወለዶ ከም ብርኪ ዕፉን ነንበይኑ ቁመትን መላግቦን ኣለዎ። ስለዚ ገለ ድሕሪ ባይትኡ ምስቲ ናተይ ዕድመ ዝኸይድ ኣካላዊ መግለጺታት ግን ክሕብር እፈቱ። ናይ ጥልያን መግዛእቲ ህዝብና ብሓፈሻኡ ተላኣኺ እንበር ብጉዳይ ኣይወከለ ኣይተወከለ። ብዙሕ ናይ መግዛእቲ ጸሊም ታሪኽ እቶም ኣብኡ ዝወዓሉ ዘይጸሓፍዎ ግን ኣፈ ታሪኽ ዝቐርብ ብዙሕ ተነጊሩ። ኣድላይ ድማ ከም ሰነድ ከይተሰነደ ጠፊኡ። እዚ ሎሚ ተረካብ ሕድሪ ዝኾነ ወለዶ ኣብ ሳልሳይ ወይ ራብዓይ ወለዶ ብዛዕባ ጥልያን ዝፈልጦ ነገር እንተ ሃለወ ነቲ ኣብ ሃገር ዘሎ ጽርግያታት ህንጻታትን ጥራይ ኢዩ ከም መዘከርታ ዝፈልጦ። ኢሰያስ እውን እዚ ኩሉ ሓጽብታትን ህንጻታትን ጽርግያን ዝሃንጸ ዘሎ ምእንቲ ቁጠባዊ ዕብያት ከምጽእ ኢሉ ዘይኮነስ ብዘበን ኢሰያስ ዝተተኽለ ዝብል ሕቡእ ሃውልቱ ክዘንበር ዝህቅን። እንተ እቲ ቁጠባዊ ወይ ድማ ምጣነ-ሃብታዊ ረብሓ ግን ባዕልና ንምስክሮ ጥምየትናን ዓጸቦናን ይኣኽለና፣ ካልእ መግለጺ የብሉን። እዚ ዕብያት ሃገር ዝብል ሰረታቱ ግን ብርግጽ ናይ ሕሱም ግዜ መዘከርታ ከም ዝኸውን ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ።

ታሪኽና ናህሪ ዝወሰደ ምስ ናይ እንግሊዝ ናይ ሞግዚት መግዛእቲ ኢዩ። ጨራ ትምህርትን ገለ ደሞክራሲያዊ ናእሽቱ ነጥብታት ክተኣታቶ ብምጅማሩ። እቶም ኣብ መጀመርታ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ዝተማህሩ ገለ ድማ ክሳብ ልዑል ትምህርቲ ክመሃሩ ንወጻኢ ዝተላእኩ ብዙሕ ዝቐሰምዎ ተመክሮን ፍልጠትን ሓዚሎም ብምምላሶም ንሃገሮም ኣዝዮም ኢዮም ጸልዮማ። ገለ ካብ ጥልያን ዝተወሰደ ተመክሮታት ዝነብሮም ኣቦታት እውን ተሓዊሶሞም ኣብ ጋዜጣን ጽሑፋትን ብልጭ ክብላ ተራእየን። ግን ብውሽጢ ብዙሕ ነገር እውን ተፈጢሩ ኢዩ። ካብቶም ንኢትዮጵያ ዝሰገሩ ሰባት ድማ ሃገርዊ ሓላፍነቶም ከይረስዑ ብዙሕ ንሃገሮምን ንኢትዮጵያ ብዙሕ ኣደናቒ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ኣበርኪቶም። ከም ኣብነት ዝግለጽ ብዙሕ ይሃሉ እንበር ብክልተ ጨዲድካ ዝረአ ናይ ብላታን ጌታ ሎረንሶ ታእዛዝ ሰፍ ዘይብ ታሪኻዊ ሓቂ ኣሎ። ኣብቲ ድሕሪ ሃዲሙን ተዓቑቡን ዝነበረ ንጉስ ሃይለስላሰ ድሕሪ ካብ

ብሪጣንያ ምምላሱ እዚም ክቡር ወላዲ ንሃገሮም ኤርትራ ኣዝዩ ክቡር ፍጻሜ ኣበርኪቶም ኢዮም። ኣብቲ ካብ 1948 ዝተኣታተወ ናይ ኤርትራ ጉዳይ ናበይ ዝብል ከም ናይ ኢትዮጵያ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ምኒስተር ስለ ሃገሮም ኤርትራ ዘርኣይዎ ሓላፍነት ክሳብ ናይ ህይወቶም ፍጻሜ ተሰዊኦም ኢዮም። መንግስቲ እንግሊዝ ብመጀመርያ ኤርትራ ንኢትዮጵያ ክትወሃብ ዝብል ሕቶ ብውልቆም ከም ዝነጽግዎ ነቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ናይ ብሪጣንያ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ምኒስተር ከም ሓሳባት ተቓውሞ ኣስሚዖም። ኤርትራ ከም ሃገርን ህዝብን ካብ ኢትዮጵያ ኣዝያ ከም ትፍለ ድሕሪ ምግላጾም ነቲ ድሒሩ ዝመጸ ከቢድ ናይ ደም ምፍሳስ ከም ዝስዕብ ገሊጾም ነይሮም። ከም ኣብነት ዝጥቅስ ድማ እዛ ኣብ ትሕቲ ጥልያን ዝነበረት ሃገር ዘሎ ሃገራዊ ቅርጺ ምስ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ስለ ዝፈላለን እቲ ኣብ ትሕቲ ክድምና ጥልያን ዝነበረ ህዝቢ ድማ ከም ዓይነት ካብቲ ኣብ ትሕቲ ንጉስነት ኢትዮጵያ ዘሎ ህዝቢ ዓይነታዊ ብልጫ ስለ ዘለዎ ምሕባር ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣዝዩ ሃሳይ ከም ዝኸውን ገሊጾሙሉ ነይሮም። እቲ ናይ ብሪጣንያ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ዝሃብዎ ኣዝዩ ምስጢራዊ መግለጺ ኣሕሊፉ ንሃይለሰላሰ ከም ጸብጻብ ስለ ዝሃበ እዞም ሓርበኛ ኣቦና ካብ ስልጣኖም ድሕሪ ምንቁልቃል ብዘይተፈልጠ ጉዳይ ከምቲ ስዒቡ ዝጠፈአ ዝመሳሰል ጽዋእ ኣብረሃም ተወልደ ብስዉር  ኣምባሳደር ተባሂሎም ኣብ መገሻ ከለዉ ኢዮም ዓሪፎም። ናይ ዕረፍቶምን ሞቶምን ዘስደመሞ ቀዳምይ ምኒስተር ኢትዮፕያ ነበር ብዛዕብኦም ስክፍትኡ ገሊጹ ነይሩ ኢዩ። ካብ ናብ ኢትዮጵያ ትውፍዩና መንግስቲ እንግሊዝ ናጽነትና ክንረክብ፣ ንገለ ዕንቅፋትና ክንኣሊ፣ መታን ነቲ ጉዳይ ከነብስሎ ሓንሳብ መንግስትኹም ኮነ መግዛእትኹም ዘይንድግፎ ንኹን እንበር ክሳብ ንደሉ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ትጽናሕ ዝብል ናይ ወላዲና ጅግና ራእሲ ተሰማ ታሪኽ ድማ ሓቂ ኢዩ። እዚ ታሪኽ እዚ እዚ ዘሎ ምምሕዳር ኩሉ ክሓብእ ከም ዝነብር ዘይከሓድ ሓቂ ናይ ጀጋኑና ዘኹርዕ ሰረትና ከም ዝኾነ ዘይምርሳዕ። ክቡራት ሓርበኛታት ወለድና ኢብራሂም ስልጣንን፣ ወልድኣብ ወልደማርያምን ኣብ ኣመሪካ ነቶም ብዘይፈልጥዎ ንኢትዮጵያ ደጊፎም ሰላማዊ ሰልፊ ዝገበሮ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ነታ ሰንደቅ-ዓላማ ኢትዮጵያ መንጢሎም ቨንደታ (Vendeta) ቆራጻትን ጀጋኑን ከም ዝኾኑን ከም ዝበሉን ናይ ኢሰያስ መጽሄታት ገሊጸን ኣይፈልጣን። ምንእቲ ህዝቡ ኣንጻር ሽፍትነትን ናይ ጥሪት ቅጥፈትን ናይ እንግሊዝ መግዛእቲ ውዲትን ዘፍሸለ ናይ ጀጋኑ ጅግና እድሪስ ሓምድ ዓዋት ዘልኣለማዊ ህያው ታሪክናን ቦኽሪ መስዋእትና ፈላሚ ኣቦና ኢዩ። ግርም እዚ ከም መተኣታተዊ ድማ ኤርትራ ናጻ ክትወጽእ ዝተገብረ መሪር ጥምጥም ምሉእ ጸብጻብ ዝህበሉ ኣርእስቲ ስለ ዘይኮነ ግን ናብ መስመረይ ክምለስ። ናብ ኢሰያስ ናይ ስለላ መርበብን ዝብል ክኣቱ ይመርጽ።

*መእተዊ*

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ኣነ ብቃጨሮን ኡምሓጀር (ሕለት-ቦርና) ኣቢለ ድሕሪምስ ተኸስተ ትሪሎ ኣቢለ ንገዳርፍን ካርቱም ኣብ መወጻእታ 1969 ኣትየ። ኩነታት ኣዝዩ ጽንኩር ኢዩ ነይሩ። ኣብ ቤት ጽሕፈት ጀብሃ ዝምለለሱ ከምኡ ወን ምስ ወላዲተይ ርክብ ዝነበሮም ከም ኣብረሃ ወዲ ሓየት ኣብቲ እዋን እቲ ናይ ኣቡጀመል ቢራ ፋብሪካ ጽቡቕ ቦታ ዝነብሮ ተራኺብኩ። ንሱ ኣብ ባሕሪ ኣነ ምቕማጠይ ኣብ ኡምዱርማን ኢዩ ነይሩ። ብሓደ ጸጋይ ዝብሃል ሓው ድማ ምስ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያ ተራኺበ። ዝላዓለ ኣድላይ ሓቤሬታን መንገድን ዝሓበረኒ ግን እቲ ድሓር ብኢትዮጵያ ተታሒዙ ንሞት ዝተፈርደ ጅግና ያቆብ ኢዩ። ከማይ ብዙሓት ተጋደልቲ ነበር እውን ኣብ ካርቱም ተበቲኖም ነበሩ። ናይ ጸጥታ ሕቶ ኣዝዩ ተሪር ብምንባሩ ኣብ ሱዳን ክጸንሕ እውን ድልየት ኣይነበረንን። ኮይኑ ግን ከም ሓበሬታ ብዙሕ የዋህልል መሪጸ። ኢሰያስ እውን ኣብቲ እዋን እቲ ካብቶም 15 ንዓላ ዝተፈልዩ ተነጺሉ ኣብ ካርቱም ከም ዝነበረ ሰሚዐ። መን ይፈልጥ ንኢትዮጵያ እውን ኣትዩ ነይሩ ይኸውን። ግን ዘገርመኒ ነገር እንተደኣ ነይሩ ኣብ 1965 ጀሚሩ ንኣዲስ ኣበባ ዩኑቨርሲቲ ክመሃር ከሎ ክልተና ኣብታ ከተማ ነበርና። ኣብ ኣስመራ ከም ተመሃሮ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እውን ከምኡ፣ ከም ተመሃራይ ኣብ ኣስመራ እፍለጦ እንበር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ርክብ ኣይነበረናን። ኣነ ዝያዳ ርክበይ ካብኡ ንላዕሊ ምስ ሓዉ ምስ ኣማረ ኢዩ ምቅርራብይ ዝነበረ። ኣነን ወዲ ሓትነይ ጸሃየ ማትዮስ ዝያዳ ርክብና ምስ ኣማረ ኢዩ። መጀመርታ ነታ ስድራ-ቤት ንፈልጣ ከለና ናብ ኣማረ ኣቓልቦና ኣድሂብና። ከም ባህሪ ዝሕል ዝበለን መስተውዓልን ዝያዳ ኣማረ ስለ ዝነበረ ይኸውን። ብምልምላሙን ናይ ርእሱ ክብን ድማ ከም ሳን ኣማረ ኮሚደርሆ ኣውጺእናሉ። ብሓጺሩ ኣብታ ቀዳመይቲ ዓመት ናይ ዩኒቨርሲቲ ኢሰያስ (as fresh man) ኣይተዓወትን፣ ብሓጺሩ ተሪፉ። ትምህርቱ ክቕጽል እውን ኣይደለን። ምስቲ ዝነበሮ ርክብ ናብ ሜዳ ክወጽእ መዲቡ። ክቕጽል ተስፋ ከይቆረጸ ዝመዓድዎ ግን ነይሮም ኢዮም። ኣብቲ እዋን እቲ ሃገራዊ ስምዒት ናይ ኩሎም ተመሃሮ ርሱንን ኣዝዩ ሓያልን ነይሩ። ካብ ቤት ትምህርቲ ልኡል መኮንን ኣስመራ ዝጀመረ ርሱን ናይ ተመሃሮ ስምዒቱ ከም ዝመስለኒ ዝጸልዎ ናይ ሽዑ ተመሃራይ ሙሴ ተስፋንኪኤል ነይሩ። ኢሰይስ ንሜዳ ክወጽእ ዝመደበ ሰብ እንተ ነይሩ ሙሴ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ኣዲስ ኣበባ እውን ምስ ድሩዕን ተስፋይ ገብረስላሰን ጽዑቕ ርክብን ነይርዎ። ምስ ወልደየሱ ዓማር እውን ርክብ ከም ዝነበሮ እዝክር። ካብ ኣስመራ ክወጽእ ከሎ ብሓደ ዓርኩ ቤት ስእሊ ከም ትካል ድሒሩ

ዝገበረ ሰብ ኢዩ ተሰንዩ ንሜዳ ዝወጸ። ንሱ ዘይፈልጦ ናተይ ምስ ጀብሃ ርክብ በቲ ናቱ መስመር ዘይኮነስ ብኻልእ ርክብ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንይሩኒ ኢዩ።

ብሓጺሩ ብዙሓት ደቂ ባጽዕ መተዓብይተይ ካባና ተፈልዮም ተሰሊፎም ኢዩ። ካብ ኸትምያ፡ ካብ ሕርጊጎ ናብ ተሓአ ተሰለፉ ምሳይ ርክብ ዝነበሮም ነይሮም። ኣስመራ እውን እንዳ ፍሩስካ ጥቓ ኪዳነ ምህረት ገምገም ሹቕ ዝንበሮም ስድራ ቤት ወዶም ሓንቲ ኢዱ ለማስ ዝነበረ ጊላይ ዝብሃል ርክበይ ዓቢ ነበረ። ከም ተስፋልደት ዳበ ወይ ሃይለ ጀብሃ ክልቲኦም ኣሕዋት ኣዝዮም ምስ ተሓአ ርክብ ዝንበሮም ከም በዓል ኣረፋይነ ርክበይ ኮታ ዓቢ ነይሩ ኣነ ዝያዳ ርክበይ ምስ ኩሉ ህዝባዊ ቅርጺ ዘለዎም እንበር ምስ ተመሃሮ ጥራይ ስለ ዘይነበረ ካብ ኣስመራን ባጽዕን ዝተሓሓዘ መርበብ ኢዩ ዝነበረኒ። ከም በዓል ውዲ የሕያ ከም ሮመዳን ኣውልያይ ከም ኢብራሂም በሪራይ ከም ባዱሪ ኣብ ባጽዕ ኣብ እዋን ንእስነተይ ኢየ ዝፈልጦም ነይረ። ካብ ኢሰያስ ንላዕሊ ኣብ ቤት-ሻሂ ማሕጁብ ዕዳጋ ዝረኽቦ ዝነበርኩ ሓበሬታን ርክብን ይዓቢ። ንግሆ ንግሆ ወግሐ ጸብሐ ገጸይ ካብ ጥዋልት ንእምባ ገደም ኢዩ ነይሩ። ሓንቲ ጋንታ ሰላም ትበሃል ናይ ኩዕሶ ጉጅለ ብሕቡእ ሕቡእ ብናይ ኣንድነት ደገፍቲ ጋንታ ኣስላም ክትበሃል ከላ ሓርቐተይ ጥርዚ ኢዩ ዝበጽሕ ዝነበረ። ንሃገራዊ ምንቅስቓስ ምስ እምነት ምጽጋዕ ኮነ ኢልካ ንህዝቢ ንምድንጋር ዝተፈጥረ ጸለመ ብምንባሩ።

ናይ ተመሃሮ ኣድማ ኣብ ኣስመራ ዳርጋ ኩሉ ተኻፊለዮን ተኣሲረሉ እውን ኢየ። ከም ሃይለ ድሩዕ፣ ስዩም ሓረስታይ ከም ወልደዳዊት ዓቢ ተራ ኣይተጻወትኩን። ተኻፋልነተይ ግን ኣዝዩ ዓሚቕ ብምንባሩ ንተረኽቲ ከም ክቡር ሓወይ ግርማይ ኪዳነ ወዲ ፍሊፖ እገድፎ። ኢሰያስ እውን ኣብቲ ናይ ተመሃሮ ኣድማ ግዜ ዓቢ ተራ ኣይነበሮን። ዳርጋ ብዙሕ እውን ተኻፋልነቱ ኣይረኣኹሉን። ንሜዳ ቀዲሙኒ ይውጽእ እንበር ምስላፉ ምስ ፈለጥኩ ግን ብጣዕሚ ኢዩ ሓዲሽ ኮይኑኒ። ካብ ኣስመራ ጀሚሩ ከም በዓል ስዉእ ጅጋና ወልደሩፋኤል ስብሃቱ ወይ ተስፋይ ተወልደ ኣብቲ ናእሽቱ መንእሰያት ከባቢ ማሕበር 7 ብሕቡእ ኣብ መደክማ መአከቢ ገይሮም ዝሳተፉ ኢሰያስ ውዕውዕ ተራ ኣይነበሮን። ኣብ ኣስመራ ብዛዕባ ኢሰያስ ንጡፍ ታራ ኣይረኣኹን። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድማ ብፍላይ ኣብ ፒይሳ ድሕሪ ሲነማ ዓድዋ ዝነበረ ቤት ንባብ ላይብራሪ ሩሲያ ዝካየድ ናይ ማርክስ-ለሊኒን ምንባባን ክልሰ ሓሳብዊ ትምህርትን ዓቢ ተራ'ውን ኣይነበሮን። ተመሃሮ ኣብ መንጎ ብጻይን ያንኪን (Comrade and Yankee) ዝብል ፍልልያት ኣብታ ናይ ብጻይነት ኣይነበረን። ኣብታ ናይ የንኪ ትብል ግን እንድዒ። ዝኾነ ኮይኑ ብድሕሪኡ ድማ ኣብቲ ናይ ተሓአ ናይ ኢስላሕ (ምንቅስቓስ እስላማዊ ምንቅስቓስ) እውን ርኡይ ተራ ኣይነብሮን። ብዝኾነ ብዘይገድስ ኣብ ካርቱም እቲ ያቆብ ሽሙ ኣባል ፈዳኢይን ዝነበረ ኣብ ልዕሊ ኢሰያስ ከቢድ ጥርጠራ ስለ ዝነበሮ፣ በቲ ዝነግረኒ ዝነበረ ድማ ብዙሕ ኣብ ልዕሊ ኢሰያስ ሕማቕ ጠመተ ኣየሕደርኩን። እቲ ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ዝነበረ ግርጭታት ስለ ዝፈልጦ ስም ምጥፋእ ክኸውን ይኽእል ዝብል ግምት ሂበዮ ነይረስ ኣየቕለብኩሉን።

ኣብ መጀመርያ 1970 ነቲ ኣዝየ ዝከታተሎ ዝነበርኩ ናይ ፖለቲካ መስመር ዝተናኸፍ ሓድሽ ተርእዮ ዝሰሓበ ጉዳይ ነይሩ። ካብ ባጽዕ ጀሚረ ዓቢ ናይ ፖለቲካ ጽልዋይ ኣብ ጉዳይ ሃገረይ ይኹን እንበር ኣብ ከባቢና ናይ ምስሪ ፖለቲካዊ መስመር ብፍላይ ናይ ፕረዚደንት ጀማል ዓብደልናስር ናብ ድጋፍ ዘንጸላለወ ኢዩ ነይሩ። እዚ እውን ኣቦይ ናይ ኤርትራ ንኤርትራውያን ስለ ዝነበር ኣብ 40ታት ዘልዓሎ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ልዕሊ ኣመሪካን ብሪጣንያን ፈረንሳን ጽልኢ ኣሕዲረ ነይረ። ንኡስ መኮነን ጀማል ዓድልናስር ኣብ ባጽዕ ህቡብን ስሙ ሰማይ ዝዓረገን ኢዩ ነይሩ። ስዒቡ እውን ምስ ቲቶ ናይ ዩጎዝላቭያ፣ ነህሩ ናይ ህንዲ ኣብቲ ናይ ሻራ ዘይብለን ሃገራት ታርኡ ልዑል ብምንባሩ ንነዊሕ ዓመታት ናይ ህይወተይ ናይ ርሑቕ መምህረይ ገይረ ኢየ ዝወስዶ ዝነበርኩ። ጽቡቕ ሕልሚ ገርኩም ውሰድዎ። ፖለቲካዊ ኣምር ከተሕድር ስለ ዝጸልወካ። ስለዚ ምስቶም ብስድራይ ዝንገረኒ ዝነበረ ስደተኛታት ደቂ ፈለስጢን ኣብ ኤርትራ መጺኦም ከም ጽግዕተኛ ይቕመጡ ነይሮም (ብ1948 ወራር እስራኤል) ዝብልን ዝንገረኒ ዝነበረን ተዳናገጽነት ኣሕዲረ ነይረ። እቲ ኣብ መፋርቕ 1970 ዝጀመረ ናይ ፍልጢኤማውያን ከቢድ ዘመተ ኣዝዩ መሲጢኒ ነይሩ። ሓንቲ ክብተን ናይ ፍልጥኤም ናይ ሓርነት ውድብ (PLO) ዝኾነት ሙነዘማት ዕይሉል ኣል ስብተምብር ወይ ድማ ናይ ጸላም መስከረት (Black September) ትብል ብጆርጅ ሓበሽ ትምራሕ ፈዳኢይን ቀይማ ነፈርቲ ትጨዊ ጉጅለ ኣዝየ ተጸልየ ነይረ። እዛ ጉጅለ እዚኣ ምስ ሃገረ ዮርዳኖስ ዝመርሕ ንጉስ ሑሴን ኣዝያ ኣብ በዳሂ ኩነታት ነይራ። ከም ቲ-ዳብልዩ-ኣ ወይ ፐን-ኤም (TWA — PAM) ነፈርቲ ምጭዋያን ከቢድ ቅልውላው ምፍጣራን ኣዝዩ መሲጡኒ ነይሩ። ሃገርና ከምዚ ዝበለ ገግባር ኣባ ልዕሊ ኢትዮጵያን ተደጋገፍተን ተደጋጋሚ ዘመተ እንተ ተካይድ ነይራ ዝብል ስምዒተይን ሕልመይን እውን ነይሩ። በቲ ኣዝዩ ርሱን ውግእ ኣብ መንጎ እቶም ናይ ሓሸማይት ንጉስነት ዝተዓስከሩን እቶም ናይ ፈዳእይን ውግእ ብናይ ኣመሪካን ናይ ብሪጣንያን ሓገዝ እቲ ንጉስ

ተዓዊቱ። ኤርትራውያን ተጋደልቲ እውን ተማሪኽም ምስ ሰማዕኩ ብምምራኽም እንተሓዘንኩ በቲ ተኻፋልነቶም ግን ብጣዕሚ ሕጉስ ነየረ። ኣብዚ እዋን እዚ እውን በቲ ካብ ካርቱም ዓዲገ ዘብቦ ዝነብርኩ ናይ ዝተፍላለያ ጋዜጣታት ብቛንቋ እንግሊዝ ዝቐርብ ዝነበረ ሓበሬታ እታ ሲ-ኣይ-ኤ (CIA) ትብል ናይ ኣመሪካ ናይ ስለላ መርበብ ኣብ ካርቱም ብዙሕ ክሰምዕ ጀሚረ። ከይኑ ግን ምስ ኢሰያስ ኣታሓሒዘያ ኣይፈልጥን። ካብዛ እውን እዚእ ኢሰያስ ብጽሑፋትን ብደብዳቤታትን ምስ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዘለዉ ፈልጥቱ ይጸሓሓፍ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ካብ ያቆብ ምስ ተነግረኒ ክጠራጠር ጀሚረ። ንሓወቦታቱ ናይ ሽው ፊተውራር ደሓር ደገዝማች ሰለሙን ኣብርሃም ከምኡ እውን ኦፊሰር መኮነን ኣብረሃም ኣብቲ ድሓር ገለ ሓበሬታ ወይ ብልጭ ዝብል ምኽንያት ምስ ረኸብኩ ካብ 1975 ኣብ ሜዳ ብዘንፈኒ ክኣምን ክእለ። እዚ እውን ኢዩ እቲ መበገሲ ናይቲ ጥርጠራይ ።

እሱ ድማ ኣነ ኣደይ ፋና ተላ ተባሂላ ትጽዋዕ። ክሳብ ዓብየ ናብ ምግዳል ገጸይ ምብጸሐይ ንፋናይ ኢየ ኣደይ ወላዲተይ ዝብላ ነይረ። ኣቦይ ገና ኣብ ዕድመ መንእሰይ ከይበጽሕኩ ብቐላዓይ ንዓይን ንሓብተይ ምሕረትን ተፈልዩን ዝዓረፈ። ኣደና ፋና ድማ ንኽልተና ተኸናኺን ብጽቡቕ ኣዕቢያትና። ካብ ናብ ምሕረት ሓብተይ ብዝበለጸ ፍቕራ ናባይ ገጹ ዝዘንበለ ኢዩ ነይሩ። ብጽቡቕ ድማ እንዳ ተመልመልኩ ዓበኹ። ኣብ ዝዓበኹሉ እውን ድማ ከም ኣሞይ ዝሪኣ ወይዘሮ ክብራ ተስፋይ ሓቶም ንኮለኔል ገረኺዳን ተስፋይን ንዕንቛይ ተስፋይ (ኣባሊገይ) ሃንደበት ዱቦላ ሕቶ ትሓትተኒ። ንኣደኻ ትናፍቓዶ ትብለኒ። ኣነ ሃደበታዊ ሕቶኣ ምርዳእ ይኣብየኒ። ኣደይ ምሳይ ከላ ከመይ ገይረ ነደይ ክናፍቓ ምስ በልክው ትስንብድ። ደሓን ገዲፈዮ ኢየ ትብለኒ። ነዛ ሕቶ ምርድኣ ስለ ዝሰኣንኩ ንገዛ ምስ ተመለስኩ ነደይ እሓታ። ፋናየ ኣሞይ ክብራስ ነደኻ ትናፍቓዶ ክትብል ሓቲታትኒ። እንታይ ማለታ ኢዩ በልክዋ። ፋናየ ድማ ካብ ልክዕ ንላዕሊ ትሓዝን። ናብ ኣሞይ ከይዳ ድማ ስሚዒ ክብራ እዚ ቆልዓ ኢዩ፣ ዘየድሊ ሕቶ ንምንታይ ትሓትዮ። ዝኸትምና ኣቡኡ ከይኣኽሎስ ሕጂ ድማ ካልእ ኣደ ከም ዘላቶ ንምንታይ ክፈልጥ ወይ ክጥርጥር ትገብርዮ ትብላ። ኣነ ግን ነቲ ኩነታት ብዙሕ ኣየቕለብኩሉን። ምስ ፋናየ ድማ ብጽቡቕን ብጽፉፍን ዓብየ። ኣደታተይ ከም ፋጥና ሻሕማ፣ ፍጥና ሽሚስ፣ ዘዕበያኒ ብርክት ዝበላ ኣደታት ብሳምቡስን መቕልን ዝዕቢ ስለ ዝነበርኩ ዘኽቲመና ዝበሃል ኣይፈልጥን ነይረ። ፋናይ ንዓይ ካብ ካብ ከብዳ ኣይውጻኣኒ እንበር ናይ ምድርን ናይ ሰማይን ኣደይ ኢያ። ልዕሊኣ ኣደ ድማ ክህልወኒ እውን ከቶ ኣይክእልን። ግን ኣደይ ወላዲተይ ኣብረሀት ዓንደመስቀል ከም ትበሃል ድማ ድሒረ ሰሚዐ። ኣብ ኣቑርደት እንዳ ሰርሐት ትነብር ነይራ። ሓደ መዓልቲ ምስ ስዉእ ጊላይ (ወዲ ኪዳነ ምህረት ዝነበረ) እንዳ ተጻወትኩ ከለኹ ካሮሳ ትሃርመኒ። ኣብ መሬት ይወድቕ፣ ህዝቢ ድማ ኣብ ዙርያይ ከቢቦም የተስኡንን ይድንገጽለይ። ሓንቲ ወ/ሮ ለተኺዳን ዓንደመስቀል ትበሃል ሕያወይቲ ሰበይቲ እውይ ወዲ ሓብተይ ይመስለ በለት። ወዲ መን ኢኻ ትብለኒ። ወዲ ዘውደ ምስ በልክዋ (ኣደይን ኣቦይን ብዕሊ ብሕጊ ተመራዕዮም ስለ ዝነበሩ) እውይ እሱ እወ ንሱ እንበር ትብል። ሒዛትኒ ድማ ናብ ገዛኣ ትወስደኒ። ኣዝያ ለባም ሰበይቲ ብምንባራ ገለ ተወሳኺ ቃል ከይሃበት ንዓናይ ናብ ኣደኻ ንገዛኹም ውሰድኒ ትብለኒ። ምስ ፋናያ የራኽባ። ክልቲኣን ጉጅም ይብላን ይዘራረባን። ብድሕሪኡ ምስቶም ቤተ-ሰብ ናይ ወላዲተይ ይላለ። እንታይ ኣምጸኦ እዚ ኩሉ ጸብጻብ ትብሉ ትኾኑ። ግን መምጽኢ ኣለዎ። ዓባዩ ንኢሰያስ ኣፈወርቂ ወይዘሮ መድህንን (ባራድ) ካብ ከብዳ ዝወለደትኒ ወይዘሮ ኣብረሀት ዓንደመስቀልና ደቂ ሓንቲ ዓዲ ኢየን። ዓደን ድማ ዓዲ ድቡስ ጉሕጨዓ ሰራየ ኢዩ። ስለዚ በወላዲተይ ምስ ኣዲኡ ወይዘሮ ኣዳነሽ በርሀ በኣዲኤን ደቂ ሓንቲ ዓዲ ንኸውን ኣላና። ፍልጠት ናተይን ናይ ኣማረ እውን ኣብኡ ኸሎ ብቤተ-ሰብ ይኸውን ማለት ኢዩ። ግርም ኣደያ ፋና ኣደኻ ኣብረሀት ትብል ዝብል ቃል ኣይደፍኣትሉን። ኣነ እውን ናብ ወላዲተይ ኣብረሀት ብዙሕ ኣቓልቦ ኣይገበርኩን። ፍቕሪ ኣደይ ፍቕሪ ፋና ልዕሊ ኩሉ ስጡምን ምዕሩይን ብምንባሩ ድርብ ከም ኣቦን ኣደን ኮይና ምስ ክልተ ብሂራት ትግርኛን ትግረን ኣዕብያትኒ ። ዝገርመኩም ንኣቦይ ኣብርሃም ኣበሓጉኡ ንኢሰያስ ኣዲኦም ብዓልቲ እምበይቶ ሰሓርቲ ኢያ። ኣደይ ፋና ድማ ካብ እንበይቶ (ገዛ ዓዲ ኣብረሃም) ኢያ። ስለዚ ስድራዊ ርክብ ብኹሉ ኣይተሳእነን። ብኣደይ እምንቲ ኣደይ ፋና ተላን ብወላዲተይ ኣብረሀት ብኽልቲኡ ምስ እንዳ ኢሰያስ መላግቦ ዘለዎ ኢዩ ነይሩ። ኣቦይ በርሀ ኣቦኣን ንወይዘሮ ኣድሓነት ማለት ኣበሓጎኡ ንኢሰያስ ማለት ኣቶ በርሀ መሰለ ሓዎም ንኣቶ ኪድነ መሰለ ኢዮም። መበቀሎም ነቶም ዝፈልጡ እገድፈሎም። ግን ኣቦይ ኪዳነ መሰለ ኣብ ኣስመራ ሃብታም እንዳ ጠሓኒት እኽሊ ዘለዎም ነይሮም። ኣቦይ ኪዳነ መሰለ ኣቡኡ ንየማነ ጃማይካ ናይ ህዝባዊ ሓርነት ትግራይ ኢዮም። ኣነ እውን ብእንዳ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣብረሀት ዓንደመስቀል ዝኾነ ኮይኑ ምስ ኢሰያስ እውን ከም ትውልዲ ኣይተረሓሓቕናን። ኣደይ ድሕሪ ናይ ወልዳይ ግደይን ኪዳነ ክፍሉን ካብ ከሰላ ንካርቱም ከይዳ ብመጀመርያ እንዳ ኣቡል ዒላ ትሰርሕ ነይራ። ቀጺላ ድማ ኣብ እንዳ ሰዲቕ ኣልማህዲ ደቀም ከም መጉዚት ኣብ እንዱርማን ተዕቢ ነይራ። ኣብ ጀርመን ኣብ ቀረባ እውን ዓድብደላ ኣደም ምስ ሰላሕ ናይ ሓይሊ ኣየር ርክብ ከም ዝነበረና ፈሊጡ ሓቲቱኒ ነይሩ። እው ኣብ ወድ-ኑባዊ ጥቓ እንዳ ኑመሪ ይቃራረብ ነይረ። ብዙሕ ክሰምዕን ክፈልጥን

ካብ ገዛይ ጀሚረ ተኸእሎ ነይሩኒ ኢዩ። ምስኡ እውን ነቲ ዝተኣሳሰር ናይ ስድራታት ባህሪ ካብ ኣበሓጎታተይ ጀሚረ ለሚደዮ ነይረ። ግን ከም ሎሚ ገይረ ዘርዚረዮ ኣይፈልጥን። ሕጂ ሎሚ ብኢንተር ነቲ ዕድመ እንተ ሂቡኒ ድማ ብመጽሓፍ ጽባሕ ክዝርግሖ ኢየ።

ሕጂ ኣብቲ ናይ ስለላ መርባብ ክምለስ። ድሕሪ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ምስ ናይ መንካዕ ሲምፓታይዘር ወይ ድማ ተዳናጋጺ ዝብል ተለጣፊ ስም ምሃቡ ሰለሙን ወልደማርያ ኣሰረኒ። ገለ ነገር ክደሊ ከሎ ድማ ሓደ ግዜ ኣቦኻ ዘውደ ኤርትራዊ ዲዩ ክብል ንበይነይ ገይሩ ይሓተኒ። ኣነ ድማ ስማዕ ስለሙን እዚ ስም እዚ ናይ ኣቦይ ኢዩ። ኣቦይ ኤርትራዊ ኢዩ። ዓዱ ዓዲ ገብለ ደርጨን ኣከለ-ጉዛይ ከም ዝኾነ ኣብቲ መዝገብ ሰፊሩ ኣሎ። ኣበሓጎይ ፊተውራር ተስፉ ይበሃሉ። ኣነ ናይ ኣበሓጎይ ስም ወሲደ ተስፉ እበሃል እብሎ። ክሳብ 7 ወለዶይ ድማ ይረቐሓሉ። ከም ዝዓገበ ድማ ይሕብረኒ። ኣነ ግን ብኣስማት ጸወታ ዘይትገድፍዎ፣ ጀብሃ ከምዚ ኢላትና ከምቲ ኢላትና ክትብሉ ከም ዘይነበርኩም ሕጂ ናይ ሰብ ኣስማት ስዋድያ ከተውጽኡሉ ደሊኹም ትብል ቃል እድርብየሉ። ጸኒሑ ግን እታ መበቆል ናይ ኣቦይ ዓዲ ኣይተዋሕጠትሉን ምስ በዓል ሙሴ ተስፉንኪኤል፡ የውሃንስ ስብሃቱ፡ ኣፈወርቂ ኣምሓራይ፡ ታረቀ ይሕደጎ፡ ሃብተስላሰ ገረመድህን፡ ዶክቶር ርእሶምን፡ ካልኦት እውን ብሓባር ኣብ ብለቓት ይእሰር። ንሶም ምስታ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ትብል ብኢሰያስ ዝተጻሕፈት መጽሐት ኣብ ቀረባ በብቐሩብ ክፍንዋ ስለ ዝኾንኩ (ዕለት ቅንጸላዊ መስዋእቶም ማለት ኢዩ) ብኣሻዕብያ ዝተፈጥረ ውሽጣዊ ዕግርግር ብዕድል ካብ ማእሰርቲ ምስ ወጻእኩ ሰለሙን ቆላሕትኡ ናባይ ይገብር። ብመጀምርያ ዕላምኡ ኣይተረደኣናን። ሓንቲ ዕማም ብስዉር ንበይነይ ጸዊዑ ጽሕፍቲ ከተርጉም ይህበኒ። እንታይ ትብል ኢያ ትብሉ ትኾኑ። እናሃትልኩም ኣብ ታሕቲ። ቀንዲ ናይዛ መበል 12 ሕታመይ ድኣ ንሳ ኣንድያ። ጉዳም መጽሓፍ።

ሲኣይ ኤይን ናይ ስለላ መርበብን።

(The CIA and the Cult of Intelligence)

እዛ መጽሓፍ እዚኣ 399 ገጻት ዘለዋ ክትከውን ዝነበረ ካብኣ 168 ኣዝዩ ምስጢራዊ ትሕዝቶ ዘለወን ገጻት ዝተደምሰሰ ግን ከም ዝተዓቀበ ዝነግር (delated classified information) ዝብል ዘለዋ ኢያ። ክዛረበኒ ከሎ ንበይነይ ይኹን እንበር ንትርጉም ዝኣክል ብርክት ዝበላ ጥራዛትን እኹል ናይ መጽሓፊ መሳሪሕታትን መአረሚታትን ህቡኒ ነይሩ። ምስቶም ኣብ ናይ ተሓድሶ ዝነበሩ ዝተዓቀቡ እሱራት ብምንባረይ ድማ ዳርጋ ኩሎም በዛ ጉዳይ'ዚኣ ሓቢረዮም ኢየ'። ክቕንጸልን ህይወትይ ክትጠፍእን ከም ዝኾነት ኣረጋጊጸ ኣሚነ ነይረ። ግን ታሪኸይ ከይበላሹ ከም ምስክር ክኾኑኒ ኢለ ኢየ ሓቢረዮም። ሰለስተ ሳዕ ንመዓልቲ ዝበልዕ ሬሳ ኢየ ተቐይረ ነይረ። ሰለሙን ምስ ኢሰያስ ዝነበሮ ግርጭት ሰማይ ዓሪጉ ስለ ዝነበረ ናይ ኢሰያስ ጉድ ከውጽእ ዘይፋሕተሮ ዘይፈንቀሎን እምኒ ኣይነበሮን። ስለምንታይ ኢዩ ነዛ መጽሓፍ ከተርክጉማ ዝደለየ። ከም መላለይ እዛ መጽሓፍ ብሓደ ኣዝዩ ብርቱዕ ጸሓፊ እሞ በዓል ስልጣን ሲ ኣይ ኤ ነበር ዝተደርሰት ንመንግስቲ ኣመሪካ ዘርዓደት ጸኒሓ እውን ዝተኸልከለት ኮይና ነይራ። ሕጂ እውን ኣሰራ ንመንግስቲ ኣመሪካን ንሲ ኣይ ኤ ኣይገደፎን። ከም መላለይ ገለ ብእንግሊዝኛ ከም መእተዊ ብዛዕባ እዛ መጽሓፍ ካብ ውሽጣ ክህበኩም።

,,The CIA and the cult of Intelligence is in 1974 a controversial political book written by Victor Marchetti, a former special assitant to the Deputy Director of the CIA and John D. Marks, a former officer of the Unted States Department of State.

The author claim to expose how the CIA actually, works and how its orginal purpose, i.e collecting and analyzing informations about foreign governments, corporations, and *persons* in order to advise public policy makers, had beeen subverted by its obsession with clandstine operations.

ዝብል ጽሑፍ ኣለዋ። ኣብ ውሽጣ ድማ ብዙሕ ዝተሰረዘ ነገር ዝገልጽ ከፋት ጽሕፋት ዝሓዘት ጽሕፍቲ ኢያ። ብመጀምርያ ነታ መጽሓፍ ሰለሙን ክትርጉማ ምድላዩ ክበርሃለይ ኣይደለን። ብድሕሪኡ ድማ ጥርጠራይ ናብ ዝተፈላለየ መኣዝናት ገጹ ቀንዐ። ብሓጺሩ ናይ ሲኣይኤ ኣጽፋር ኣብ ውሽጢ ሜዳ ክህሉ ኣይክእልን ክብል ኣይክእልን። ግን እንተሎ ድማ ክንቀሳቐስ ዝኽእልን ኣብ ወሳኒ ዘሎ ኣባል መሪሕነት ክኸውን ኣለዎ ዝብል ባዕላዊ ትንታኔ ኢየ ክበጽሕ ክኢለ። ኮይኑ ግን ናይታ ኣብ ተሓድሶ ዘላ ቅይድቲ ኣካል ክንሰይ ኣብ ዕለታዊ ዘድልየና ስንቅን ቀረብን ኮነ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣነ ከም ተሓታቲ ኮይነ ክመርሕ ተመዚዘ። እሱር ኣሞ ሓለቓ እሱራት። ትያትር ኣብ ልዕሊ ትያትር። ናብ ቶውሚን ገጸይ ክንቀሳቐስን ገለ ዘይተኣስሩን ተጋደልቲ ክረክብ ጀሚረ። ካብ ደቂ ዛግር ድማ ካብቶም ክልተ ደቂ

ኢዮብ ዝብልዎም ነቲ ንእሽቶይ ወዲ ኢዮብ እረክብ እሞ ምስ ረኣየኒ ከምዚ ካብ ምውት ዝተሳእኩ ይመስሎ። ንበይነይ ገይሩ የጻውተኒ። ስመዕ ተስፉ ይብለኒ። ነታ ሓይሊ ከም መራሒኣ ነርካ ምስ ተቐየድካ ኩላህና ብሓባር ንሰለሙን ሓቲትናዮ። ስለምንታይ ተስፉ ተኣሲሩ ዝብል ሕቶ ኣንበርናሉ። ኣብ ብዙሕ ክትዕ ምስ ኣተና ንገለና ፈልዩ፣ ናይ ካልኦት ገዲፍኩም ናይ ተስፉ ኣጥቢቕኩም ትሓቱ ገለ ወዲ ኣውራጃኹም ውዲ ሓማሴን ኮይኑ ዲዩ ተሰሚዑኩም ኢሉና። ዳርጋ ነቶም ዝፈለየና እውን ዓድና ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ኣይገረመናን። እሞ ዓዱ ተስፉ ኣበይ ከም ዝኾነ ጨርስና ኣይንፈልጥን ኢና። ኣገዳሲ ኣውን ኣይኮነን። ዓዱ ኣብ ዝደለዮ ይኹን ከም ሰብን ተጋዳላይን ፈሊጡ ዘፍልጥ፡ ዓዩ ዘዕዱ ቅኑዕ ኢዩ ምስ በልዎ ናይ ሲ ኣይ ኤ ስላሊ ኢዩ ኢሉና። እንሆ ድማ ሕጂ ወጺእካ፣ ኣናይ ሲኣይ ኤ ኮይኑ ዝጸንሐ ድማ ዝወጸ ሰብን ተጋዳላይን ሪኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጥን። ካብ ተፈታሕካ እዚ መሪሕነት ሓሳዊ ክኸውን ኣለዎ ክብል ደፊሩ ሓበረኒ። ቀስ በቀስ እውን ቀጺለ ወዲ ዓቢ ሓወቦይ ረኺበ ኣሚኒ ሓተትክዎ። እወ ካብ ዛላንበሳ ክሳብ ቃሩራ ከምኡ ኢኻ ተባሂልካ ክብል ሓበረኒ። ኣነ እውን ሓወይ ሲ ኣይ ኤ እሞ ካብቶም ማሕበር ሸውዓት ዝነበሩ ቀጺሉ ሃገራዊ ፍቕሪ ክሓዝልን ከንቀሓንን ዝጀመረ ሰላይ ካብ ኮነ ኢለ ነብሰይ ጸሊአ ነይረ ይብለኒ። ሓዘነይ ወሰን ኣይነበሮን። ነዛ ብሓሶት መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ዝተፈነወት ጠቐነ ተኸቲለ  ድማ ንጽልኣይ ኣብ መሪሕነት ኣዝያ ኣትረትረቶ። ኮይኑ ክተርጉም ጅመርኩ። ኣብ መንጎ መሪሕነት ሜዳን ናይ ወጻኢ ጉዳይ መሪሕነትን ከቢድ ግርጭትን ብሰንኪ ሓድነት ዘልዓሎ ምግምማዕ ተላዕለ። ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ናይ ወጻኢ ርክባት ካብ ሓደ ሓያል ውልቀ-ሰብ ዝምራሕ ምልእቲ ውድብን ርክባታን ዝብሕት ቦታ ንምሓዝ ከም ቀዳማይ ተሰርዐ። ክልተ በጽሒ ህበይ ዝነበሩ መኖም ናይ ጋውና ቦታ ንምሓዝ ውሽጣዊ ቁርቁሶም ንግዳም ገጹ ኣንዳ ቀንዐ ከደ። እቲ ኣብ ዙርያ መሪሕነት ዘሎ ሽማግለ ግን ገጹ ናብቲ ኣብ ሜዳ ዝርከብ ገጹ ጥራይ ነበር ዝጥምት። ሳበ መን ይትክኦ ዝብል ሕቶ ፈጺሙ ቦታ ኣይነበረን። እቲ ንውድብ ብውሽጢ ዝበሓተ ከመይ ገይሩ ነቲ ናይ ወጻኢ ካብ ውሽጢ የቑሞ ዝብል ሕቶ ስለ ዝተላዕለ ህቡብነት ኢሰያስ ከም ውጥን ተዘርጊሑን ተላቢዑን ስለ ዝነበረ ንሕልምታት ሰለሙን ተንከፎ። ካብታ ተሳሓቢት ሞቶር ዘይብላ ተጎቲቱ ነታ በዓልቲ ሞቶር ዝሕዘላ መንገዲ ኣናደየ። ቃልሶም ድማ ተመሳሳሊ ኢዩ። ሓደ ነቲ ሓደ ኣብ ትሕተይ ዝብል ሕቶ ብክልቲኦም ንጹግ ኢዩ። ንህዝባዊ ሓይልታት ሓደ ጥራይ ኢዩ ክውንና ዘለዎ።  እቲ ዝወነነ ነቲ መዋዳድርቱ ክውግኖ ዘይኮነስ ሓንሳብን ንሓዋሩን ትሕቲ ባይታ ከስፍሮ ነፍስ-ወከፎም ኣብ ኣእምሮኦም ዝተቐርጸ መደብ ኣለዎም። ብናይ ኢሰያስ ኣጸዋውዓ ድማ ዝሞተ ሰለሙን ጥራይ ኢዩ፣ ሰላማዊ ሰለሙን ክኸውን ዝኽእል። እታ ውድብ ንሃገራዊያን ጥራይ ኢያ ከም ውድብ ትፍለጥ እንበር ንክልቲኦም ትካሎም ኢያ። ግን ኣብ ክልተ ድማ ኣይትምቀልን። ሓደ ዝውንና ከም ሰብ ዕድመ ጸጊቡ ቅድሚ ሙማቱ ንወራሲኡ ኢያ ትብጽሖ። ኮታ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጋዳፊ።

ሰለሙን ንኢሰያስ ክውግኖ ዝኽእል ሓንትን እንኮን ምርጫ ነይራቶ። ካብተን ኩለን ክህልዎኦ ዝኽእላ ሓንቲ ጥራይ ተሪፋቶ። እሳ እውን ክሳብ እቶም ናይ መንካዕ ተባሂሎም ዝተሰምዩ ዝጽረጉ ኢሰያስ ከም መሳርሒ የድልዮ ስለ ዝነበረ ኩለን እተን ካልኦት ቀቅድሚ ኢሰያስ ዝትግበራ ኢየን ነይረን። ካልእ ድሕሪ ኢሰያስ ድልዱል መሳርሒ ተነዲቑ እቲ መንደቕ ክዓቢ መሰረት ተነጺፉን ተጻፊፉን ነይሩ። እዚ ሕልኮታት እዚ ብክልቲኦም ተመሳሳሊ ስለ ዝመስል፣ መን ናይ መን እውን ይፈልጡ ነይሮም። ኣብታ ሓይሊ ናይ ሓዲኦም ዝርከቡ እውን ዝጽረጉን ዝተርፉ ተባሂሎም ዝተመደቡ ኢዮም። እታ ናይ መጨረሽታ ስጉምቲ ሰለሙን ንኢሰያስ ናይ ሲ.ኣይ.ኤ ዕሱብ ከም ዝኾነ ኣቃሊዕካ ብሞት ቀጺዕካ ትውግኖ ክትከውን ኣለዋ። እዛ መጽሓፍ ድማ ከም ጭብጢ ትቐርበሉ ኢዩ ክካይድ ተሓንጺጹ። ክልቲኦም ንብዙሓት ንጹሃት ሃገራዊያን ናይ ሲ.ኣይ.ኤ እንዳ ሰየሙ ቀዚፎም ኢዮም። ሓደ ካብኦም ኣብ 1975 ንኣመሪካ ክመሃር ብናይ ኢትዮጵያ ሓይሊ ባሕሪ ዝተላእከ ኦፊሰር መድሃኔ ናይ ሲ.ኣይ.ኤ ተባሂሉ ካብ ኣመሪካ ክቃለስ ኢሉ ምስ ኣተወ ናብ ሓይልታት ተመዲቡ ኣብ ምቅላስ ከሎ ብሓለዋ ሰውራ ተሳሒቡ ተቐይዱ። ከም እሱር ኣነ ተኣሲረ ከለኹ ኢዩ ተቐይዱ። ካብ ኣመሪካ ዘለዉ ውድባት ,,እዚ ሰብ እዚ ናይ ሲ.ኣይ.ኤ ኢዩ ዝብል መሰነይታ ጽሕፍቲ ኢያ ሓሊፋ ጸኒሓቶ። መን ጽሒፍዋ፣ ካብ ኣየናይ ናይ ሲ.ኣይ.ኤ መዝገብ ተቐዲሓ፣ ካልእ ጭብጥታት እውን ዝፍለጥ የለን። እቲ ዘገርም ድማ ማህረምትን ስቅያትን ኣብዚሖሙሉ ኣብ ኣካሉ ብብሩህ ይርአ ነይሩ። እዚ ኣብ ኣስመራ ዝተማህረ ግን ኣብ ዓንሰባ ወይ ድማ ደምበዛን ዝዓዱ ህዱእን ሃገራውን ሰብ ኣብ ፈቐድኡ ኣነ ሲ.ኣይ.ኤ ኢዮም ሊኦኾሙኒ ክብል ይናሳሕ ነይሩ። እቲ ዘቕርቦ ድማ ምስ ናቱ ክእለትን ብቕዓትን ዘይሰማማዕ ንሳበ ከም መራሒ ክምረጽ ክጉስጉስ ዝተላእኩ ትብል ተግባር ከተግብር ከም ዝመጸ ኢዩ ዝገልጽ። ኣብ መንጎ ህዝቢ ፍልልያት ይኣዩ ክጎጃጅል ከም ዝተላእከ ዝሕብር። ያኢ ህዝባዊ ሓይልታት ዘይትፈልጥ ሲ.ኣይ.ኤ ከም ዘላ ዝሕብር ንስሓ? ቀዳማይ ነገር ከም ኣብ ሓላፍነት ዘይደየበን ሓዲሽ ተጋዳላይ እሞ ኣቃውማን ዝርገሓን ውድብ ፍልጠት ዘይብሉ ምጽእ ኢሉ ትግርኛን ትግረን ዝዛረቡ ክበታትን? ምንቅስቓሱ ካብ እሞ ሓንቲ መስርዕ ዘይሓልፍ፣ ብሓጺሩ ገለ ኣብ ናይ መሪሕነት ቦታ ዝደየበ ብሉይ

ጥበብ ጥራይ እንበር ከምዚ ዝበለ ልኡኽ ምስቲ ኣዝዩ ድሩት ተመክሮ ውድብ ዘይብሉ ኣብ ልዑል ትምህርቲ ዘለዎ ሰብስ ንሰለሙን ሓሊፉስ ንሃዳናይ ኢሰያስ ካብ ስልጣን ዘውርድ ዝርገሐ መስርሕ ከካይድ ኣይሕሰብን ኢዩ። ኣቃውማ ሜዳ ዘይፈልጥ ንመሪሕነት ዝለዋውጥ መስርሕ ከካይድ? ዘይሕለም ሕልሚ? ብሓጺሩ ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም ምስ ተባህለ፣ ብወገነይ ,,ካልእ ኣሰራርሓ እንተለካ ግለጸልና እንበር፣ እዘን ትብለን ዘለኻ ምስ ገባር ርክብ ገርካ ትግረን ትግርኛን ክትፈላሊ መን ኣብ ክፍሊ ህዝቢ ኣቐዲሙ ከም ትምደብ ፈሊጡ ክልእከካ? ካልእ ድማ ካብ መስርዕ ንላዕሊ ርክብ ክህልወካ ኣይክእልን? ዘይእመን ምንሳሕ ኢዩ እሞ እቲ መግለጺ እዚ ብቑዕ ኣይኮነን” ክብል ርእይቶይ ኣብቲ ንተጋደልቲ ክናሳሕ ኢሉ ዝቐረበሉ ሂበ። እዚ እውን ብወገነይ ዝተፈጸመ ዕሽነት ኢዩ። እቲ ዘቕርቦ ዝነበረ ሃይለ ጅብሃ ሸለል ኢሉ ሓሊፉኒ ክብል እኽእል። እቲ ናይ ሓለዋ ሰውራ መርማሪ ኣካል ብዝተፈላለየ መሳርያታት ዘሳቐን፣ እመን እንዳ በለ ክሳብ ህይወት ዘጥፍእ ኣሳቕዩ እንበር ናይ ምምርማር ልምዲ ዘይነበሮ ከም ዝኾነ ዘብርህ ተግባር ኢዩ። ኣይኮነንዶ ናይ መርመራ ሓላፍነት ዝተዋህቦ ሰብ፣ ፍሊም ዝረኣየ ሰብ እውን ከምቲ ዓይነት ትርጉም ዘይብሉ ዝናሳሕ ሰብ ሒዙ ኣይቀርብን። ብዘየገድስ ግን እዚ ቅኑዕን ንዝነበሮ ቦታን ስልጣንን ገዲፉ ግዲኡ ከበርክት ዝመጸ ንጹህ ሃገራዊ ዜጋ ኣብቲ ናይ መሪሕነት ቁርቁስ ከም ኣድላይነቶም ክጥቀሙሉ ክሳብ ክንደይ ከም ዝኾነ ጭብጥን መረጋገጽን ክኾኖም ክብሉ ንሞት ፈሪዶሞ። እሞ ካብቲ ዝተላእኮ ድማ እዝን ከምዝን ፈጺሙ፣ ክፍጽም ከሎ ብጭብጢ ተታሒዙ ዝብል መረጋገጽን ክስን ዘይብሉ ናብ ሞት ዘፍርድ ግቡእ ዲዩ? ሓንቲ ጽሕፍቲ ካብ ኣመሪካ ተላኢኻ ዝብል በቶም ሓፋሽ ውድባት ዝተጻሕፈት ንሓደ ዜጋ ንሞት ተፍርድ? ኣንበብቲ እስኪ ገምቱ፣ ክንደይ ሰብ ብኸምዚ ንሞት ተፈሪዱ? ካልእ ኣብ ከተማ ኣስመራ ናይ ፊልም ረክላም ብክልተ ብካርቶን ዝተጻሕፈ ለጢፉ ብሞግልሕ ድምጺ ዝንቀሳቐስ ሻንዳን ዝበሃል ብቆልዑትና ንፈልጦ ድኻ፣ ንመሪሕነት ናይ መካይን ምጭዋይ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ምስቶም ጨወይቲ ክትኣቱ ኣለዋ ዝብል ርእይቶ ስለ ዝሃበ፣ ንመሪሕነት ከተትሕዝ ዝተላኣካ ኢኻ ተባሂሉ ሽዑ ብህጹጽ ንሞት ተፈሪዱ። እንታይ ትብሉ?

ኣብታ ናይ ኣምልኾተ ስለላ ዝተደምሰሰ ዝብል ጽሑፍ ዘለዋ ገለ ሓደ መራሒ ብሕቡእ ኣብ ናይ ደባይ ኣካይዳ ከመይ ገይሩ ንሲ.ኣይ.ኤ ከገልግል ከም ዝኽእል ጽሕፍቲ ኣናዲ ክብል ሰለሙን ፈልዩ ሓቲቱኒ። (how an agent specially a leader could serve the CIA in a Gorilla warfare organization) ዝብል ፍሉይ ጠመተ ዝግበረሉን ብስምዒታዊ መግለጽ ክግለጽ ዝከኣል ከናዲ ተሓበረኒ። ኣብቲ ግዜ እቲ ሓሊባይ ዝብልዎ ልኡኽ ሰለሙን ኢዩ ዝሕብረኒ ዝነበረ። እቲ ዕላም ቀንዲ ኢሰያስ ምስቲ ዝነበሮም ጎነጽ ናይ ምእላይ ሜላ ዝተታሓሓዘ ኢዩ ነይሩ።

ጸገመይ ብቡዙሓት በቶም ምሳይ ኣብ ተሃድሶ ዝነበሩ ብጾተይ ስክፍታት ነይሩ። ከምቲ ዝድለ ገይረ ኣተርጉመ እንድሕሪ ንሰለሙን ሂበዮ፣ ሰለሙን ድሕሪ ወይ ቅድሚ ኢሰያስ ምእላዩ ኣነ ብህይወተይ ከየቃልዕ ንዓይ ክነብር ክገድፈኒ ማለት ዘይሕለም ለዋህ ሕልሚ ኢዩ ነይሩ። ወይ ድማ ኢሰያስ ነቲ ኩነታት ብቐረባ ይከታተሎ ከም ዘሎ ብሓባር ንጥርጥር፣ በዚ ጉዳይ እዚ ከም ጭብጢ ንዕኡ ንምጥፋእ ኣብ ዝተገብረ መረጋገጺታት ብኢደይ ዝተጻሕፈ ረኺቡ ኣናሲሑ ከህጥመኒ ከም ዝኽእል እውን ንሕሹኽ ሹኽ ንዝትየሉ ነርና። ገለ እውን ኣብረሃም ኣንቶንዮ ናይ ጀብሃ ምሩኽ ምስቲ ናይ ህዝባዊ ሓልታት ምሩኽ ሰመረ ክልትኤን ውድባት ክለዋወጣ ከም ዝኾና ተነጊርዎ ስለ ዘሎ ናይቲ ጽሑፍ ተግባር ዘቃልዕ ዋላ ክልተ ገጽ ጽሒፍካ ሃቦ እሞ ናብ ጀብሃ ምስ ተመልሰ ንውድቡ ሂቡ ንግዳም ከቃልዕ ዝብል ርእይቶ ነይሩና። ኣብ ተሃድሶ ድሕሪ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ፍልይ ኢልና ክንዛረብን ክንመያየጥን ተፈቒዱልና ስለ ዝነበረ ብዙሕ ንካታዕ ነርና። ኣብረሃም ኣንቶንዮ እውን ዝትርጉም ከም ዘለኹ ግን ናይ ፖለቲካዊ መጽሓፍ መሲልዎ ክቐድሖ ሃበኒ ይብለኒ ስለ ዝነበረ ብውሽጠይ ነዚ ጉድ እዚ ደኣ ንግዳም ሒዝካለይ እንተትወጽእ ንዓይሲ ቀዳማይ ጠለበይ ኢዩ ነይሩ ክብል ንበይነይ ምስ ነብሰይ እዝቲ ነይረ። ሰለሙን ኢሰያስ ካብ ዓላ ጀሚሩ ናይ ኢሰያስ ብ1970 ንቃኘው ምእታዉ ብርግጽ ይፈልጥ ነይሩ። ናይ ሓባር ውሳኔ ከም ዝነበረ ድማ ፍሉት ኢዩ። ንእግረ መንገድይ ኣብ ጋዴን (ዓላ) ንሓደ ሽማግለ ሰለሙን ንደቂ ጸንንዓደግለ ኣዛራሪቦሞስ ንነብስና ክንከላኸል ብረት ሃቡና ከም ዝበልዎ ይገልጽ ነይሩ። ግን ውሑዳትን ንነብሶም እኹል ናይ ዕጥቂ ጸገም ከም ዝነበረና ዘይምፍላጦም ኣንበር እንተ ዝፈልጡ ኣይምሓተቱና ይብል ነይሩ። ግን ሰለሙን ኪዱ ንነብስኹም ከተድሕኑ ካብ ኢትዮጵያ ብረት ውሰዱ ከም ዝበሎም ዝገለጹለይ ሽማግለታት እውን ነይሮም ኢዮም። ናይ ዕጥቂ ደልዮም ዝረኸቡሉ ሜላ ዘናድዩ ብምንባሮም ባዕሎም ምስ ዝኾነ ርክብ ከም ዝገብሩ ዝነበሩ መሳኪን ገርህታት ነይሮም። ኢሰያስ ግን ብብዙሕ ስዒቡ ብዝመጸ ጭብጥታት ዝፍለጥ ሓቅታት ኣሎ። ተስፉንኪኤል ጆርጆ ዘይገለጾ ዳሕራይ መርሚርካን ብኣጋጣሚ ትረኽቦን ጉዳይ እውን ኣሎ። ተስፉንኪኤል ናብ ነብሱ ጥራይ ዝገበሮ ግን ካልኦት ብህወቶም ነበርቲ ስለ ዝኾኑ ዝሓብኦ ጉዳይ እውን ኣሎ። ሎሚ እውን ምእንቲ እቶም ሰባት ክትብል ከተውጽኦ

ዘይትደሊ ጉዳይ ስዒቡ ክትሰምዖ ከለኻ ዘስካሕካሓካ ኣሎ። ግን ህይወት ሂወት ኢ.ያ እሞ ትፅቅቦ። ኢ.ሰያስ ንዝኾነ ጭብጥታት ከይወጽእ ክብል ክንደይ ጉድ ክሓብእ ክብል ሕጂ እውን የእዳዉ ብደብ ከጨቑ ድሕር ስለ ዘይብል፣ ሞቶም ቁርብ ዝተረፎ ኣረገውቲ ከም ዝቕትል ክትብል ተጽቅጥ።

1. ኣብ ምውዳእ ውግእ-ሓድሕድ  ወከ-ዛግር ወዲ ጆርጆ ብጆብሃ ተታሒዙ ናይ ኢ.ሰያስ ርክብ ምስ ሲ.ኣይ.ኤ ርክብ ትገልጽ ካሴት ሰሚዕና ዝብሉ ገባር ካብ ኣስመራ ዝመጹ ንተጋደልቲ ከም ዝሓበርዎም ምስ ሰማዕኩ ድማ ነታ መጽሓፍ ክትርጎም ምምዳቡ ገለ ሰለሙን ዝመደቦ ነገር ክህልዎ ይኽእል በልኩ።
2. ሓደ ካብ እንዳ ኣዝማች ጆርጆ ሃብቲት ዝውለድ ኣብ ሳንታ-ፋሚልያ ዝመሃር ዝነበር (ወይ በዲኡ ወይ በብኡ ካብዛ ስድራ-ቤት ዝውለድ) ግን ስሙ ዘይዝክሮ ድሕሪ ምእሳሩ ብመሰቕሰቕ መጎጎ ዝነበረ ቁራጽ ዝንጎ ሓቢኡ ድሕሪ ምውሳድ ስሒሉ ንምናት ሱር-ኢዱ ቆሪጹ ነብሰ ቅትለት ክገብር ፈቲኑ ግን ደሙ እንዳ ፈሰሰ ከሎ ኣባላት ሓለዋ ሰውራ የርክብዎ። ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ኣብ መንጎ ሞትን ህልውን ኮይኑ ነይሩ። ለይቲ ኣብቲ ዝድቅሰሉ ቦታ ዶክቶር ሃይለ ምሕጹንን፣ ሃይለ ጆብሃን፣ ዳዊት ሃብቱን ምስኡ ይድቅሱ ነይሮም። ለይቲ ከዕልሉ ከለዉ ድማ ሃይለ ጆብሃ ንዶክቶር ሃይለ ምሕጹን ኣባል ምንቅስቓስ መንካዕ ዝነበረ ኮነ ንዳዊት ሃብተ ኣብ ሓለዋ ሰውራ መሳርሕቱ ጉዳይ እሱራት ኣልዒሉ የዛርቦም። እዚ ኣብ ኣፋፊት ሞት ዘሎ ተጋዳላይ ኣይሰምዕን ኢዩ ዘሎ ክብሉ ኩሉ እቲ ዝብልዋ ይሰምዖ ነይሩ። መግለጺ ሃይለ ጆብሃ ከምዚ ክብል ሰሚዕዮ ይብል። ,,ነዞም ገሊኦም እሱራት ፈጺሙ ዘእስር ዘይብሎም ክትፈልጥ ከለኻ ትሳቐ። ከም ኣብነት ድማ ቅኑዕ ርእይትኡ ዘይሓብእን፣ ከም ዝኾነ ባዕሎም እቶም መሪሕነታት ይፈልጥዎ፣ ግን ስለ ኣብቲ ናቶም መስመር  ዘይኣቱ ብጣዕሚ ይጠራጠርዎ። ንምንታይ ዝብል መግለጺ ድማ ጸግዒ ብዘይ ምሓዙ ኣዝዮም ይጸልእዎ። ብኽልቲኦም ብኢ.ሰይስን ሰለሙንን ድማ ተቖርቂሩ ይነብር። ንገለ ድማ ከይተእስሩ ከለዉ መዓልቶም ዝጽበዩ ዘለዉ ስለ ትፈልጥ ክትሕብሮም ዘይምኽኣልካ ነብስኻ ትጸልእ። ሓደ ካብኣቶም ሕጂ ፍቶ ጽላእ ብሰለሙን ዝተጸልአ ሃይለ መንቆርዮስ ኢ.ዩ። ናይ ኢ.ሰያስ መሳርሒ ኢ.ዩ ዝብል መግለጺ ኣለዎ። ብሓጺሩ እውን ኣነ እኣምነሉ ኢ.የ ደጋፍ ኢ.ሰይስ ኮነ ምስኡ ፍሉይ ጸግ|ኢ. ዘለዎ ወዲ መንቆርዩስ ከም ዝኾነ ኣነ እውን እኣምነሉ ኢ.የ። ሓደ መዓልቲ እውን ገለ ከይገብሮ እፈርሕ። ንሱ ግን ኣዝዩ ጥንቁቕን ቁጥብን ኢ.ዩ። ሰለሙን ግን ገለ ክረኽበሉ ዘይገብሮ ምክትታል የለን። ኣነ እቲ ቀንዲ ስክፍታይ ናይ ተስፉ ኢ.ዩ። ቅድሚ ምስላፈይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከይደ ብዙሕ ሽግር ኣብ ዝነበረኒ እዋን ንተስፉ ይረኽቦ። ተስፉ ኣብ ኣስመራ ኩዕሶ ምስ ጋንታታት ገዲል ክንጻወት ከለና ኢ.ዩ ዝፈልጦ። ምስ ሓወይ ተስፉልደት ድማ ጽቡቕ ይፋለጡ። ኣባሻውል ገዛና ይመጸና ነይሩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሰብ ስለ ዝፈልጥ ንሓወይ ኣብ እንዳ በንዚና ስርሕ ዘእቱ ኣኩኡ ተዛሪቡ ኣእትይዎ። ንዓይ ድማ ኣብ ገዝኦም ወሲዱ የሕድረንን ኩሉ ዘድሊ ሓገዝ ምስ ሓብቱ ይገብሩለይ ነይሮም። ዝሕባእ ዝበሃል ዘይፈልጥ ዋላ ጌግኡ ከይተረፈ ዝገልጽ ሰብ ከምኡ ረኺበ ኣይፈልጥን። ዝገብርዎ ምስ ጠፍኦም በቲ ምስ ሰብ ዘለዎ ፍልጠት ገለ ነገር ናብ ስለላ መርበብ ርክብ ከም ዝነበሮ ኣምሲሎም ክጠፉጥፉ ይህቅኑ። ኣነ ዝገርመካ ከም ሰብ ከምኡ ገይረ ዝፈተኽዎ ሓው ኣብ ስድራይ እውን የለን። ግን እንታይ ክብሎ። ምስ ሃይለ ተዛሪብካ ከይበልዎ ባዕሉ ሃይለ ከምዚኣ ኢ.ሉኒ ክብል ክሓቶም ከም ዝኾነ ስለ ዝፈልጥ ኣይተዛርብክዎን። እንበር ኪድ ካብዚ ውድብ ውጻእ ዝብል ማዕዳ ክህብ ኣይመርጽን ግን ንዕኡ ምሃብክዎ” ከም ዝበለ እቲ ካብ እንዳ ኣቦይ ኣዝማች ጆርጆ ሃብቲት ዝውለድ ዝሰምዖ፣ ሓውዩ ንብጾተይ ከም ዝሓበረ ኣብቲ ተሃድሶ ከለኹ ሰሚዐ። ዝገርም ተኣምር ጉድ።
3. ክትርጉም ኣይደለኹን። ምኽንያት እንዳ ገበርኩ ሰለሙን ይሕመኒ ስለ ዘሎ የእዳወይ ክልቲኤን ግንቦታተይ ደኺመን ምንቅስቓስን ስኢነ ኣለኹ፣ ምስ ሓወኹ ግን ክጅምሮ ኢ.የ ክብል እንዳ ኣመኽነኹ ኣብ መእተዊ ዘለዋ 7 ገጻት ጥራይ ጽሒፈ ነይረ። ኣብዚ ክምዚ ዝበለ ክነታት ሰለሙን ብናይ መሪሕነት ስራሕ ንካርቱም ይኸይድ። ዕለታዊ ናይ ኢ.ሰያስ ምንቅስቓስ ኣብ ብለቓት ይጽዕቕ። ላዕሊ ታሕቲ ክብል ድማ ይረአ። ሓደ ቀትሪ ድሕሪ ደብዳብ ንፈርቲ ናይዝጊ ክፍሉ ናባና ይመጽእ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ንዓ ተስፉ ኢ.ሉ ፍልይ ኣቢሉ ይዛረበኒ። ሰለሙን ኣተርጉማ ኢ.ሉ ዝሃበካ መጽሓፍ ምሳኻ ኣላ እሞ ኢ.ሰያስ ምሳኻ በዛ ጉዳይ ክመያየጥ ስለ ዝደለ ክመጸካ ኢ.ዩ። ኩሉ ዝተባሃልካዮን ዝተዋህበካ መምርሕን ድማ ትገልጸሉ። ዘርዚርካ ንገሮ፣ ንረብሓኻ ድማ ኢ.ዩ በለኒ። ኩሉ ወጽዓኻ ዘይተዓዘቦ ከይመስለካ ክብል ኣስዓበ። ብልበይ ትኽስ ዱሙስ መዘንግዕ ኣንጭዋ በልኩ። ከምቲ ዝበለኒ ድማ ድሕሪ ቀትሪ ኢ.ሰያስ ምስ ናይዝጊ መጸ። ፍልይ ኣቢሉ ድሕሪ ምውሳድ ኩሎም እቶም ናይ ተሃድሶ ብጾተይ ዝሪኡሉ ቦታ ርሕቕ ኢ.ሉ ኣብ ዝርከብ ብመጀመርያ ነተን ዘተርጎምክውን ጽሑፋት ትሕዝቶአን ሓተተኒ። ኣነ እውን

ከይሓባእኩ ,,ኣብ መእተዊ ዘለዋ" ናይቲ ጸሓፊ መጽሓፊኡ ምኽንያት ዝገልጻ እንበር ኣብ ታሪኻዊ ናይቲ ጽሑፍ ግን ኣየተርጎምኩን። መብዛሕትኡ ብታይፕ-ራይተር እቲ ዝቱርጎም እንተ ዝጸሓፍ ምመረጽኩ ግን ብኢድይ ክጽሕፎ ኣይደልን ኢየ። እዚ እውን ንዓይ ብጾተይ ናይ ሲ.ኣይ.ኤ ተባሂለ ከም ዝተጠርጠርኩ ተነጊሩኒ ስለ ዝነበረ፣ እሞ ከም ጭብጢ ኣነ ዝጥቀዓሉ ሰነድ ከቕርብ ኣይደልን ኢየ፣ ታይፕ-ራይተር ኣብ ክፍሊ ዜና ይህሉ ይኸውን ግን ኣብኡ ድማ ካባይ ንላዕሊ ዘተርጉሙ ኣይሰኣኑ፣ ስለምንታይ ንዓይ ንበይነይ ከተርጉም ከም ዝተመርጸ ኣይርደኣንን በልክዎ። ኢሰይስ እቲ ዘመተ ናባኻ ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ ግን ኣይበልክዎን። ናባይ ከም ዝቐንዐ ምስ ገልጽኩሉ ድማ ስክፍትኡ ተኣልየ እብል ብወገነይ። እሱ ናይ ሰለሙን ተንኮል ጠፊእዎ ኣይኮነን፣ ግን ኣነ ናብ ነብሰይ ነቲ ጠንቂ ምስ ኣጸጋዕክዎ ከምዚ ናይ ክልቲኦም ውሽጣዊ ተንኮል ዘይፈልጠ ገይሩ ወሰዶ። መልእኽትይ እውን ከምኡ ዘስምዕ ገይረ ኢየ ገሊጸ። ሓውን ጅግናን ስምኦን ኢማን ኣቐዲሙ ኣጠንቂቑኒ ስለ ዝነበረ ኣነ ድማ ተጠቒመላ። ኢሳያስ ነተን ዝተተርጎማ 7 ወረቓቕቲ ክርቢት ኣውጺኡ ሰብ እንዳ ረኣየ ኣንዲድውን። ነታ መጽሓፍ ድማ ወሲድዋ። ኩሎም ዝተዓዘቡ ምስ ከደ ተሓጉሶም። ዝይጣቓዕ ኮይኑ እንበር ከም ሽቶ ዘመዝገበ ተጻዋታይ ኩዕሶ መጣቕዑ። ስክፍታይ ምስታ ወረቐት ሓረረት። እንተ ምስቶም መተኣስርተይ ግን ህላዌ ሞትን ሕየትን ፍቕርና ክሳብ ሎሚ ደልዲላ ትርከብ ኣላ። ኣብዚ ከም መወሰኽታ ዝብላ ኣብ ቀረባ እዋን ,,ናይ ኢሰያስ ኣብ ቃኘው ምእታው ፈጠራ ኢዩ ክብል ኣብ ኣሰና ሓደ ስሙ ዘይተገልጸ ሰብ ኣስሚሩ ነይሩ"። ኣይትተሃወኽ እብሎ። እዚ ጭቡጥ መግለጺ ኣሎ። ሕጂ ኣይእዋኑን ኢዩ። ሰብ ክቡር ስለ ዝኾነ ድማ።

ኣብ ቀጻሊ ድማ ድሕሪ ሰለሙን ክካይድ ዝተጀመረ ሓድሽ ኣወዳድባ ኢሳያስን ውድቀት ሰለሙንን ክቕጽል ኢየ። ብገል እኳ ኣብተን ዝሓለፋ ጽሑፋተይ ምቕላዕ የሚን ብዝብል ኣብ ናይ ናሮ ጉዳይ ገሊጸዮን ጀሚረዮን ነይረ ኢየ እመ መቐጸልትኡ ከተንብቡ ኢኹም።

ኣብ መበል 13 ጽሑፍን መቐጸልያን የራኽበና።
ጽቡቕ ቅነ መስቀል ንኹልኹም

ተስፉ ዘውድ።